# <u>ዘሕዝን ተረኽቦ</u>

ሎሚ ዓለምና ብምዕባለ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ተሰጋጊራ ኣብ እትርከበሉ መዋእል፡ ነዚ ብብዙሕ ቃልሲ ዝተበጽሐ ስልጣነ'ዚ ዘዕንቅፉ ብዙሓት ከበድቲ መሰናኽላት ማለት፡ ገሊኡ ሰብ ዝሰርሖ፡ ገሊኡ ብባህሪያዊ ሓደጋታት ብዙሕ ህይወትን ንብረት ክሳብ ህዝብታት ብዘስካሕክሕ ኩነታት መረበቶም ራሕሪሖም ክስደዱ ክግደዱ እንከለው፡ ሰብኣዊ ሕልና ዘለዎ ወዲ-ሰብ፡ ከሕዝኖን ከስተንትኖን ግድን'ዩ። ብሰብ ዝሰርሖ ዝጥፍእ ህይወትን ንብረትን፡ ከም'ዚ ሃገርና ትርከቦ ዘላ ኩነታት፡ ጠንቁ ኣብ ዓለም ጨቖንትን ጨፍጨፍትን ስርዓታት ዝውልዕዎ ኲናትን ብውጽኢቱ ህዝብታት ሓሳረ መከራኦም ክሪኡ ዝግደድሉ ክኽውን እንከሎ፡ ብባህሪያዊ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ መሬት፣ ክሊማዊ ምልውዋጥ ኣየር ዘኸትሎ ደርቂ፣ ውሑጅ፣ ህቡብላዊ ማዕበል ባሕርን ንፋስን ..ወዘተ ከም'ዚ ለቀነ ኣብ ፔሩ ላቲን ኣመሪካ ዘጋጠመ ዘይጻሒ ዝናብ ዝፈጠሮ ዕልቕልቕ፡ ኣብ ጉዕዞ ስደት ኣብ ምድረ በዳን ባሕርን ዝጠፍእ ህይወት፡ ኣዝዩ ዘሕዝን ክስተት እናኾነ ይኸይድ ኣሎ።

ህዝብታት ብሰላምን ብምክብባርን ዝነብሩላ ዓለም ከረጋግጹ፡ ብሓደ ሸነኽ ንሰላምን ፍትሕን ግዝኣተ ሕግን ዝቃለሱ፡ ብካልእ ሸነኽ ከኣ፡ ጸቢብ ረብሓታቶም ከረጋግጹን ዓለም ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ክገብሩን ኣብ መንጎ እዚኣቶም ክኸይድ ዝጸንሐን ዘሎን ቃልሲ ቀጻሊ ኮይኑ፡ ብባህሪያዊ ለውጥታት ዝፍጠር ሓደጋታት ከኣ፡ ንምንካዩን ንምቁጽጻሩን ቀጻሊ መጽናዕቲታትን ቃልስታትን ይካየድ ኣሎ'ዩ። እዚ ይሃሉ ደኣምበር፡ እቲ ሓደጋታት ዝተገትአ ወይ ደው ዝበለ ኣይኮነን። እዚ ሓደጋታት'ዚ ኣብ ዘጋጥመሉ ደቂ-ሰባት ከም ፍጡራት መጠን፡ ርህራሄ ዘለዎም ውልቀ- ሰባት ይኹን ብደረጃ ማሕበራት፣ መንግስታት ዓቕሞም ዘፍቅዶ ንዋታዊ ይኹን ሞራላዊ ምድግጋፍ ብምግባር፡ ንዝተጎድአ ክሕግዙን ከጸናንዑን ጸኒሖምን ኣለውን'ዮም።

ከም'ዚ ዝኣመሰለ ተርእዮ፡ ርሑቕ ከይከድና ኣብ ከባቢና ምስ እንርኢ'ኳ፡ ኣብ በዓል የመን፣ ሶማል፣ ከንያ፣ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ደርቂ ንምቁጽጻር ጻዕሪ ክግበር፡ ኣብ ገለ ከም በዓል የመንን ሶማል ዝኣመሰላ ሃገራት፡ ሰብ ዝሰርሖ ኲናት'ውን ተወሲኽዎ፡ እቲ ኣብ ህይወት ሰብን ጥሪትን ዝበጽሐ ናይ ሞት ሓደጋ ኣዝዩ ዘሕዝን'ዩ። ኣብ ከባቢና፡ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ኣብ ክ/ከተማ ኮልፈ ቀራኒዮ ፍሉይ ስሙ ቆሸ ኣብ ዝተባህለ ቦታ፡ ንፍርቂ ዘመን ዝኣክል ተኣኪቡ ዝጸንሐ ክሙራ ጎሓፍ ብሃንደበት ንሂሉ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰባትን ንብረትን ዘወረዶ ጉድኣት ብጣዕሚ ዘሕዝን'ዩ። እዚ ቀዳም 11 መጋቢት 2017 ሰዓት 8፡00 ናይ ምሸት ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ኣብ መጀመርያ መዓልቲ ውሑዳት ብህይወት ዝተረፉ ክርከቡ እንከለው፡ ክሳብ 35 ሬሳታት ከኣ ኽዑ ንኽዑ ከም ዝተረኽበ ታሓቢሩ። ድሒሩ ኣብ'ቲ ዝቐጸለ መዓልታት ድማ ምስ'ቲ ዝቐደመ ክሳብ 120 ሬሳ ከም ዝወጸን ዝጠፍኡ ሰባት ስለ ዘለው ምውታት ናይ ምውሳኽ ተኽእሎ ከም ዘሎን ብወግዒ ተገሊጹ'ዩ።

ኣብ'ዚ ዘሕዝን ዝተኸስተ ሓደጋ'ዚ፡ ኣብ'ቲ ከባቢ መእከቢ ጎሓፍ ዝነብር ህዝቢ ዘጋጠመ ሃንደበታዊ ሓደጋ ገሊኦም ስድራ ቤታት ደቆም ኣብ ደገ ኣብ ከተማ፡ ገሊኦም ኣብ ዝተፈላለየ ኣብያተ ትምህርትታት፡ ገሊኡ ኣብ ለይታዊ ስራሓት፡ እቶም ዝተረፉ ሽማግለታት ኣንስትን ቆልዑትን ከኣ ኣብ ገዛ፡ ኣመት ናብራኦም እናገብሩ፡ ኣብ ድቃሶም እናሃለው፡ ብዘጋጠሞም ሓደጋ፡ ካብ ሓደ ገዛ ካብ 4 ክሳብ 5 ቤተሰቦም ዝሰኣኑ ክኾኑ እንከለው፡ ገሊኡ ፈጺሙ መንበሪ ገዛኡ'ውን ኣበይ ቦታ ነይሩ ስድራኡ ኣበይ ተደፊኖም ኣለው ዝተሸገረ ኮይኑ ማሕበራዊ ህይወቱ ተናጊዑ ኣዝዩ ዘሕዝን ኩነታት'ዩ ተኸሲቱ። እቲ ህዝቢ ገሊኡ ኣብ'ዚ ከባቢ ነዊሕ ዓመታት ዝገበረ'ዩ። ገሊኡ ከኣ ድሒሩ ዝሰፈረ'ዩ። መብዛሕቲኡ ድኻ ኮይኑ ዕለታዊ ናብራኡ ክምእርር ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብለሉ፡ ኣብ ርእሲ'ታ ዘለታ ተወሰኽታ ከም ዝበሃል፡ እዚ ዘይተጸበይዎ ሃንደበታዊ ሓደጋ ከጋጥም እንከሎ፡ ነቲ ሓዘን የኽብዶን የምርሮን።

እዚ ሓደጋ'ዚ ኣብ ዘጋጥመሉ ህሞት፡ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ንምድሓኖምን ንምሕጋዞምን ዝገበርዎ ምድግጋፍ ዝምስገን'ዩ። በዚ ዘጋጠመ ሓደጋ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ንዝተጎድኡ

ቤተ-ሰብ መሪር ሓዘኑ እናገለጸ ንመላእ ስድራ ቤታቶም፡ ህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያን ጽንዓት ይሃብኩም ይብል።

ኣብ ሃገርና ብሰንኪ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ እናሻዕ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢ ካብ ሃገርን ኣብ ጉዕዞ ስደት ኣብ ባሕሪ ምድሪ በዳን ነጋዶ ሰብን ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ዘጋጥም ዘሎ ሓደጋታት ዘሕዝንን ዘስካሕክሕን ክስተት እናሃለወ፡ እቲ ናይ ምትሕግጋዝ ባህልና ከም'ቲ ክኾኖ ዝግባእ ዘይምኳኑ ብጣዕሚ ዘተሓሳስብ'ዩ። ብርግጽ ናይ'ዚ ጠንቂ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ'ዩ። እዚ ጉጅላዊ ስርዓት'ዚ ኣይሽንኳይ'ዶ ህይወት ከድሕን ክደጋገፍስ ሕብረተ-ሰብ ዓለም ከይረድእ'ውን ብዜናኡ ከቃልሖ ፍቓደኛ ኣይኮይነን ጥራሕ ዘይኮነስ ሬሳ ግዳያት ኣብ ሃገሩ ንቡር ሓመድ ኣዳም ከይለብስ፡ ስድራ ቤት ሓዘኑ ከይገልጽ ዝኽልክል ኣርሜናዊ ስርዓት ምኳኑ ብተግባር ዝረኣናዮ'ዩ። ስለዚ ንሕና ከም ህዝቢ ነቲ ናይ ምትሕግጋዝ ባህልና ከነመዓራርዮ ጻዕሪታትና ክብ ክነብል የድሊ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 24-03-2017